# ነጻ ሕክምና ሰኒ፣ መርመራ ዓይኒን ሕክምናዊ ክንክንን

SEATTLE/KING COUNTY CLINIC

## ሚያዝያ 29 – ግንቦት 2፣ 2027 ኣብ Seattle Center



## ብዛዕባ እቲ ክሊኒክ

- **ውሱን ቁጽሪ ናይ መእተዊ ትኬት ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ይርከብ፣** ሰዓት 5:30 AM ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center (200 Thomas St) ይዕደል
- ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ሰኒን መርመራ ዓይኒን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም
- ቆጸራ ወይ ኣቐዲምካ ምዝገባ የለን – **ቐዲሙ ዝመጸ፣ ቐዲሙ ይግልገል**
- ሕማም ይሰምዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ
- ተርጐምቲ ኣለዉ እዮም
- ነጻ ደው መበሊ መካይን Mercer St. Garage (650 3rd Ave N)
- **ንነዊሕ መዓልቲ መግቢ፣ ምቹው ክዳንን ዝኾነ መዓልታዊ መድሓኒትን ሒዝኩም ተዳሊኹም ምጹ**

## ኩልኹም እንኳዕ ብደሓን መጻኩም!

- ንዝኾነ ንዝተጸገመ ሰብ ክንክን ጥዕና ንምርካብን/ወይ ንምኽፋልን ዝቃለሰ
- ተሓከምቲ መለለዪ መንነት ኰነ ዝኾነ ዓይነት ሰነድ ኣየድልዮምን
- ሕሙማት ነበርቲ Seattle ወይ King County ክኾኑ ኣየድልዮምን

## ኩሉ ኣገልግሎታት ብነጻ እዩ

**ሕክምና ሰኒ፦** ንቓንዛ ወይ ሰእነት ምቑት፣ ንዝተፈልጠ ወይ ዝጥርጠር ጕርጓሓት ኣስናን፣ ንዝሓበጠ ግርጻንን ንዝተሰብረ ሰኒን ዝኸውን ህክምና።

**መርመራ ዓይኒ፦** ናይ ምርኣይ መርመራ፣ ምሉእ ናይ ዓይኒ ፈተና፣ ከምኡ’ውን ብሓኪም ዝተኣዘዘ መነጽር። መርመራ ዓይኒ ንዘይምግባርን መነጽር ዓይኒ ንምርካብን ናይ ቀረባ እዋን ትእዛዝ መነጽር ዓይኒ (ካብ ክልተ ዓመት ዘይሃሓልፈ) ሒዝኩም ምጹ።

**ሕክምና፦** መባእታዊ ክንክን፡ መርመራታት ላቦራቶሪ፣ ማሞግራም፣ ኣልትራሳውንድ፣ ራጂ፣ ኽታበት፣ ናይ ቈርበት ሕክምና፣ ክንክን እግሪ፣ ኣካላዊን ቴራፒ፣ ኣኩፓንክቸር፣ ሰነ-ምግቢ፣ ባህሪያዊ ጥዕናን ካልኦትን ምረጹ።

**ጸጋታት፦** ማሕበራዊ ሰራሕ፣ ሓገዝ ካብ መድሕን ጥዕናን ካልኦትን።

መርበብ ሓበሬታ፦
**seattlecenter.org/patients**

ኢመይል፦
**SKCClinic@seattlecenter.org**

ሰልኪ፦
**206.684.7200**

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

**(ልዕሊ)**

Photos © Auston James

**ከመይ ጌረ ናብ ክሊኒክ እኣትው?**

- ኣብ Fisher Pavilion ኣብ Seattle Center ትኬት ውሰድ። Fisher Pavilion ብኣግኡ ንዝመጹ ሕሙማት መዓልታዊ ሰዓት 12:30 AM ይኽፈት (ንካርታን ዝርዝርን ኣብ መርበብ ሓበሬታ seattlecenter.org/patients ዝብል ተወከስ)።
- ቅድሚ ምእታው፣ ሕሙማትን ኣጋይሾምን መርመራ ጥዕና ጌሮም ክሓልፉ እዮም። ጉንፋዕ ወይ ኮቪድ ዝመስል ምልክታት ዘለዎ ዝኾነ ሰብ ናብ ሕክምና ኣይኣቱን እዩ።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ካብ ሰዓት 5:30 AM ጀሚሩ ውሱን ቁጽሪ ትኬት ክወሃብ እዩ። እቲ ትኬት ነታ መዓልቲ ጥራሕ እዩ ዘገልግል። ንሓደ ሰብ ሓንቲ ትኬት።
- ሕሙማት ብቀደም ተኸተል ቁጽሪ ናይ ትኬት ናብቲ ክሊኒክ ክኣትዉ እዮም።

**ንክሊኒክ ብኸመይ ክዳሎ ኣለኒ?**

- **እዚ ነዊሕ መዓልቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንነብሰኹም ክትከናኸኑ ተዳሊኹም ምጹ።**
- ሕማም ይሰመዓኩም እንተሃልዩ**ኣይ** ትሳተፉ።
- ኣብ ምሉእ መዓልቲ ዘድልየኩም መግቢ፣ መስተ፣ ከምኡ'ውን ዝኾነ ዘድልየኩም መድሓኒት ሒዝኩም ምጹ።
- ናብ ናይ ቤተ-ፈተነ መርመራታት ጾምኩም**ኣይ** ትምጹ።
- ክንክን ስኒ ንምርካብ፣ ንውሕስነትኩም ዝኸውን ጸቕጢ ደምን ግሉኮስን ኣብ ዝተወሰነ ደረት ክህልወኩም ኣለዎ።
- ምቹው ክዳን ተኸደኑ።
- እንስሳ ዘቤት ዝሰልጠኑ ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት እንተዘይኮይኖም ሒዝካ ምምጻእ ኣይፍቀድን እዩ።
- ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ ንሓደ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ተሓካሚ ከሰንዮ ኣለዎ። ዕድሚኦም ካብ 13 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ኣንኣሽቱ መንእሰያት ምስ ወላዲ ወይ ሕጋዊ ኣላዪ ርክብ ዘይብሎም ሕድገታት ክግበረሎም ይኽእል እዩ። ንህጻናት ክንክን ንምሃብ ክኢላታት ሕክምና ናይ ህጻናት ዘይክህልዉ ይክእሉ እዮም።

**ብቋንቋይ ዝዛረበኒ ዝኾነ ሰብ ክህሉ ድዩ?**

- ኣብ መላእ እቲ ክሊኒክ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ክህሉ እዩ።

**ናብ ክሊኒክ ምስ ኣተኹ እንታይ እዩ ዘጋጥም?**

- ኣዝዩ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎም ሕሙማት ክህልዉ እዮም። **ኣብ ሓደ መዓልቲ ኩሉ ዝደለኽምዎ ወይ ዝወሃብ ኣገልግሎት ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ትኾኑ።** ኣብ ሓደ መዓልቲ ክልቲኡ ናይ ሕክምና ሰኒን መርመራ ዓይኒን ክንክን ክትረክቡ ኣይትኽእሉን ኢኹም።
- ሕሙማት ንተወሳኺ ኣገልግሎት ኣብ ካልእ መዓልቲ መእተዊ ዝኸውን ትኬት ንምርካብ ኣብ መሰርዕ ክጽበዩ ይኽእሉ።
- ንክሊኒክ ዝኸውን መሕለፊ ክወሃበኩም እዩ። እዚ መሕለፊ እዚ ኣብታ መዓልቲ ጥራሕ ካብቲ ክሊኒክ ክትወጽኡን ዳግማይ ክትኣትዉን የኽእለኩም።
- ሽም፣ ዕድመ፣ ከምኡ'ውን ውጽኢት ቤተ-ፈተነን/ወይ ዝተዛዘመ መነጽራት ዓይንን ክንሰደልኩም ንኽእል ናይ ፖስታ ኣድራሻ ዘጠቓለለ መሰረታዊ ውልቃዊ ሓበሬታ ክንእክብ ኢና።
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ከባቢ (ሕክምና ሰኒ፣ መርመራ ዓይኒ ወይ ሕክምና) ተራኹም ኣብ መሰርዕ ክትጽበዩ ኢኹም፣ ብመሰረት ቀዳማይ ዝመጸ፣ ቀዳማይ ይግልገል (ብመሰረት መበቆላዊ ቁጽሪ ትኬትካ ዘይኮነ) ድማ ክትረአዩ ኢኹም።
- ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ መሰርዕ ኮይንኩም ሪጋ ትጽበዩ እንተሃሊኹምን ካብ ቦታኹም ንነዊሕ እዋን እንተወጺእኩምን ኣብ መሰርዕ ዘለኩም ቦታ ክትስእኑ ኢኹም፣ ምስ ተመለስኩም ድማ ናብ መወዳእታ መሰመር ክትከይዱ ከድልየኩም እዩ።

**እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት እዩ ዘይወሃብ?**

**ሕክምና ሰኒ፦** ድልድላት፣ ዝተሓላለኸ ምውጻእ ሰኒ ጥበብ ሓዊሱ፣ ኣሰናን፣ ምትካል ሰኒ፣ ምትዕርራይ ሰኒ፣ ሱር መሰመር ኣብ ቆሎ ሰኒ፣ ዘህድእ ፈውሲ፣ ምጽራይ ወይ ምጽዕዳው ኣሰናን።

**ሕክምና፦** ባዮፕሲታት፣ ቅብኣታት፣ ሲቲ ሰካን፣ ሰቲች/ሰዩሰ፣ ክታበት ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ፣ ኤም.ኣር.ኣይ፣ ሓድሽ ናይ መድሓኒት መምርሒታት።

**መርመራ ዓይኒ፦** ተላገብቲ ብሌናት፣ መነጽር ናይ ብርሃን ጸሓይ።

**ኦፒዮይድስ ኣብ ጥቕሚ ኣይውዕሉን ወይ እይክእዘዙን እዮም።**

## PARTNERS INCLUDE

AMN Healthcare · Arcora Foundation · Auston James Photography · Climate Pledge Arena
Dentsply Sirona · Ellison Foundation · Fred Hutchinson Cancer Center · Grousemont Foundation
Kaiser Permanente · Lucky Seven Foundation · OneSight EssilorLuxottica Foundation · Philips Healthcare
Project Access Northwest · Public Health-Seattle & King County · Quest Diagnostics · Seattle Center
Seattle Center Foundation · Seattle Information Technology · Snohomish County Dental Society
Underwood Gartland Development · UW School of Dentistry · Vitalogy Foundation
WA Healthcare Access Alliance · WA State Dental Association · WA State Department of Health